## መቐጸልታ ናይ ትማሊ:-
## ህዝቢ ኤርትራ ብዕሊ ክግንዘቦ ዝግባእ
## ሽርሕታት ስርዓት ኣዲስ ኣበባ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራን:
## ስንክሳር ማሕለኻታቱን!!!
## ድሕሪ ናብ ህዝቢ ምቕላዑ:
## መናፍቓን ሓድጊ መግዛእቲ ናብ ግዳም ይቀላቐሉ!!!

ኣብ'ዛ እንነብረላ ዘለና ዓለም: ነቲ ድቕድቕ ጸልማት ገሊሁ ብርሃን ዝወልዐ ህዝቢ እንተሃልዩ: እቲ ነዚ ቅዱው ብርሃን ኣድሚቑ ዋንነቱ ዝገበረ ህዝቢ ብቐዳማይ ደረጃ ዝስራዕ እንኮ ህዝቢ እንተሃልዩ: እንኮ መወዳድርቲ ዘይርከቦ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ::

ክውንነትና ከም ዝምስክሮ: ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ወትሩ ንዕጫን ምርጫን ዝተቓልዐ ኢዩ:: ዕጫና ኮይኑ ጎረቤት ናይ'ታ ንነዊሕ ዓመታት ብጭካኔኣ ሓሚሳ ዝገዝኣትና ኢትዮጵያን: ዓንገልታ ዝነበራ ክልተ ርእሰ ሓያላንን ክንከውን ኪኢልና ኢና:: ምርጫና ኮይኑ ኸኣ: ንሰላሳ ዓመት ዝወሰደ እተናውሐ ብረታዊ ቓልሲ ብምክያድ: ኣስታት ልዕሊ ሓደ ሚእቲ ሽሕ ሰማእታትን: ልዕሊ ኣስታት ዕስራ ሽሕ ናይ ኩናት ስንኩላንን ንዘመናት ዝሸደ ናይ ቁጠባን ሰላምን ድከትን ምከትን ከፊልና: ካብ ኣእምሮና ዘይሃስስ ነባሪ ናይ መግዛእቲ በሰላ ተሰኪምና ኢና ነጻነት ሃገርና ከነረጋግጽ ዝኸኣልናን: ውሕስነት ሉኡላውነትና ብድምጺ ረፈረንዶም መኸተምታ ገይርና ዘውሓስናን::

መብጽዓ ስለ ዘለና: መብጻዓና ኸኣ ምድናንን ምስትምሳልን ዘይኮነ: መብጽዓ ሕድሪ ሰማእታትና ንምትግባር ድልድልትን ስምርትን ብሰላምን ፍትሕን ደሞክራስን ዝወቀበት: ግምጃ ሰላማን ሓድነታን ሉኡላውነታን ዝተረጋገጸት ኤርትራ: ንመዋእላ ኣብ ዝረጠበ ባይታ ማእሚእዋ ክትነብር: ነዛ ሃገር: ሃገር! ሃገር! ምሽታታ ንኸይቁጸ: ናይ ግድን ኣብዛ በዕጽምቲ ሰብ ተነዲቓᒪ ብደም ዜጋታት ዝተለበጠት ሃገር ነባርነታ ንምርግጋጽ ዕዮ ገዛና ንኸንሰርሕ ሃገራዊ ዕርቅን ስኒትን የድልየና ከም ዘሎ: ኩሉ ኤርትራዊ: ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓርበኛዊ ንድሕነት እዛ ሃገር ኢሉ ብሓባር ክሰርሓሉ ዘለዎ ጉዳይ 'ምበር: ቁጠባ ውሽጢ ሃገር ኣብ ምንቁልቋል እንከሎ: ካብ 1994 ኣትሒዙ መንእሰይ ኤርትራ ኣብ ሕሱም ወጣሪ ሃገራዊ ኣገልግሎት ብዘይ ደሞዝ ኣብ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዋን: እልቢ ኣልቦ ሚልዮናት ናቕፋ ዝግመት ከስኪስካ ጉጅለኣዊ ኣኼባ መንእሰያት ምክያድ: ንድሕነት እዛ ሃገር መሊሱ ዝህምሾ 'ምበር ዘውቅዮ ጉዳይ የብሉን:: እንተበቲ: እንተ በዚ ግን: እዛ ሃገር ኣብ ዝባን ናይ ኩልና ናይ ሓባር ኣድሕኑኒ ጻዊዒት ትገብረሉ ዘላ እዋን: ኢዩ ደግሲ ጎረባብትና መሊሱ መሳኹትና ዝኹሓኹሕ ዘሎ::

ኣብ ከም'ዚ ህሞት እናሃለና ኢዩ ኸኣ: ሕጂ 'ውን ዕጫና ኮይኑ ደግሲ ትማሊ ብመልክዕ ኣጽፋሩን ሕብሪ መልክዑን ቀይሩ: ብጉልባብ ዋዕላ ባይቶ ደብረዘይቲ ሚስጥራዊ ኣኼባ በልጁምን መቐጸልታኡን: ንግርማ መሰለትና ጸሊም ካባ ክኸድን ዝደናደነና ዘሎ:: እቲ ዘሕዝን ከኣ: እቲ ትማሊ ዓቕሚ ዘይነበሮ'ሞ ብመኸተ ህዝብ ኤርትራ ዝተጎርበሰ ሓይሊ: ሕጂ ኣብ ዝባን እንግድዓ ኤርትራውያን ተወጢሑ ሳንቡእና ገቲርና ንኸየነተንፍስ ኣብ ኣፍልብና ረጊጹ ኣላሽ ከብለና ምሕላኑ: ከም'ቲ ኣተሓሕዛ ቅዱ: ንድምጹ ብምድምጽና ከቓልሕ ምድላዩ ኢዩ::

ኣብ'ዚ ግን: እቲ ኹሉ ኣብ ደምበ ተቓዉሞ ዘሎ ሓይሊ ኣብ ሓደ ቑራዕ የእቲኻ ዝጥጠቐሉ ጓህሪ ምንኻስ ዘይኮነ: ካብ'ቲ ለብላቢ ሃጸፍታ ሃልሃልታ ዝረሓቐ ሕልና ዝሓዘ ሓይሊ ከም ዘሎ ምርዳእ 'ውን: ኣብ ቦትኡ ዘሎ ሓቂ ኢዩ:: ስለ'ዚ ብሕጓ ማሕለፍያ ህዝባዊ ወያነ ሓርነት ትግራይ ንዝግበር ዘሎ ጉያ ማራቶን: ነየናይ ቀደምትነት ተራ ኣትሒዝካ ንልቢ ህዝብታት ኤርትራ ኣሰምቢርካ ንምቕጻይ ኢዩ ዝሕሰብ ዘሎ: ናይ ምትንታኑን ምቕላዑን እዋን ሕጂ ኢዩ::

መንግስቲ ኢትዮጵያ ንምክያድን ምቁጽጻርን: ናይ ኤርትራ ተቓዋሚ ሓይሊ ቀዳምነት ሂባ ክትጓየየሉ ካብ ዝድርኻ ዘሎ ሓሳብ ከኣ: ኣቐዲምካ ምላሽ ክወሃቦ ዝግባእ ሕቶ ኮይኑ ይስመዓና:: ኢትዮጵያ ንውሽጣዊ ሃልክን ሰደድን እትገብሮ ቁጠባዊ ምንቅስቓስ ዘጋጥማ ዘሎ ብድሆታትን: ኣብ ቁጠባዊ ህይወት ናይ'ታ ሃገር ናይ ምክት ሳዕቤን ኣኸቲሉ: ነታ ሃገር ሽምሪሩ ሒዝዋ ዘሎ ጉዳይ እንተኾይኑ: ጉዳይ (ኣፍደገ ባሕሪ) ወደባትን ኣገልግሎቶምን ኢዩ::

ስለ ዝኾነ: ኢትዮጵያ ድሕሪ ምብራዕ ኩናት ኤርትራን ኢትዮጵያን 1998: ናይ ወደብ ኣገልግሎት ብመንገዲ ወደብ ሃገረ ጅቡቲ ካብ እትጥቀም ኣትሒዛ: ዋላ 'ኳ ብዓንቀራ ሓኒቑ ሒዝዋ እንከሎ ከም ደም ስኒ ንውሽጢ ትውሓጦ 'ምበር: ዓቢ ክሳራ የውርደላ ከም ዘሎ ሽለል ዝበሃሎ ጉዳይ ኣይኮነን::

መጽናዕትታት ከም ዝሕብርዎ ኢትዮጵያ ዓመታዊ ንኣገልግሎት ሰደድን ቀረብን ሃገራ ንወደብ ጅቡቲ ኣብ እትጥቀመሉ ዘላ ወቕቲ: ዓመታዊ ብመሰረት መንግስቲ ጅቡቲ ዘውጸኦ ሓድሽ ታሪፍ ኣገልግሎት: እቲ ክፍሊት እትዋት ብዝወሓደ ገምጋም ዓመታዊ $1,444,000,000 (ሓደ ቢልዮንን ኣርባዕተ ሚእትን ኣርባዓን ኣርባዕተን ሚልዮን) ዶላር ኣሜሪካ: መንግስቲ ኢትዮጵያ ምኽፋላ ካብ ዘሻቕላ ዘሎ ዓቢ ፍጻሜ ኢዩ::

ካብ'ዚ ክውንነት እዚ ብምብጋስ ኢዩ እምበኣር: ኢትዮጵያ እቲ እንኮ ሽግራታ እትፈትሓሉ ሕቡእ ወርቂ: ብኪዳን: ምሕዝነት: ዋዕላ: ባይቶ: ደብረዘይቲ ከተመሳምስ ድሕሪ ምጽናሕን: ነቲ ኤርትራዊ ጥምረቱ ኣብ ሓድነቱ ጥራይ ዘይኮነ: ሓይሉ ኣብ ብዝሕነቱ ምዃኑ ኣሚኑ ንዝበለጸ ድሪኺት ለውጢ ዝቃለስ ዘሎ ንምድኻም ኢዩ 'ምበር: ሕጂ ኣብ ድሮ ዓወቱ ንምኽላፉ: ብሚስጥራዊ ምትእኽኻብ በልጅም ኣቢላ: ሓደ ባዕላ እትምእዝዞን እትምእዝኖን ፑሶላ ኮይኑ ዘገልግላ ስርዓት ንምትካል ብዝብል ኣምር: ዋላ 'ኳ ካብ ነዊሕ ክስረሓሉ እንተጸንሐ: ምስ ግዜ ክቓደወሉ ዝኸኣለ ወቕቲ ምርጫ ኢትዮጵያ ግን ሕጂ ኢዩ::

እቶም ኢትዮጵያ ቅድምን: ድሕርን ሚስጥራዊ ምትእኽካብ ቡሩሰል በልጅም እተንቀሳቐሶም ዘላ: ደው ከይበሉ ዝተምበርከኹ ናይ ደም ጽላሎት ከነረጋግጸሎም ንደሊ ሓደ ሓቂ ኣሎ:: በብመዓልቱ ኣብ እነውጸኦ ዘለና ጽሑፍ: ጽሑፍ ንስለ ጽሑፍ ዘይኮነ: ክሳብ ዘድልየና እዋን ክንዕቅቦ እንኽእል: ናይ ነፍስ ወከፍ ጉዳይ ብድምጽን ብስእልን ዝተሰነየ መርትዖ: ኣብ ውሽጢ ሃገር ይኹን: ኣብ ወጻኢ ብስዉር ሰሪዕናዮም ናይ እትብልዎም መኻናትኩም ዝርዝር መንነቶም ከይተረፈ: ኣብ ኢድና ከም ዘለናን: ካብ'ዚ ኣብ ኢድና በጺሑ ዘሎን: ጌና 'ውን ኣብ ምክትታሉ ዘለና ሰነዳት ከይዲ ስርዓት ኣዲስ ኣበባን: ተኸዊሉ ከምልዋ ኢየ: ወይ ከኣ: ወያነ ኣብ ዝሰርሓትለይ ጉብጥሽ ተሓቢአ ኣይክርከብን ኢየ ኢሉ ዝሓስብ ይኹን: ንድምጹ ብመቓልሕ ደጊሙ ብምስምዑ: ቅልጽሙ ኣሕቢጡ ዝዓንተረ ዝመስሎ በሃም እንተሃልዩ: ውጥናትን ተግባራትን ወያነን: ናይ ደም ጽላሎታን: ዋላ ኣብ ኣፍ ተመን ኣትዮም እንተተናኾሉ: ካብ መልሓስ ተመን መርዚ ኣውጺእና ንተፍእ ምዃንና: ከነረጋግጸሎም ንደሊ::

ድሕሪ እቲ 1ይ ሰነድ ሓበሬታ ሚስጢራዊ ምትእኽኻብ በልጅም: ናብ መርበባት ሓበሬታ ምስዳድና ዘሻቐሎምን ዘጨነቆምን ጽላሎት ወያነን ሃንደስቲ ናይቲ ሚስጢራዊ ምትእኽካብ ዝኾኑ ሰበ ስልጣን ወያነን: ካብ'ቲ ዝተቓልዑሉ ከም ጻሓይ ዘብረቕረቐ ሓቒቕ ሓቅታት ከምልጡ ንስለ ዘይከኣሉ ኢዮም: ብሃንደበት ወረር ወረር ብምባል ዕፋፌቱ ከም ዝጋልህ ዘሎ ኣፍዑት ናብ ግዳም ክወጹ ዝጀመሩ:: እቲ ቐዳማይ ከም ነብሰ ምክልኻል ናብ ግዳም ዝወጸ ኸኣ: ወያነ ከም መቓልሕ ነንዝበለቶ ዝደግመላ ናይ መጻኢት ኤርትራ መራሕቲ ኢላ ዝሓረየቶም ኢዮም ናብ ግዳም ክዞርቑ ጀሚሮም:: ካብ'ዚኦም እቲ ቐዲሙ ናብ ጸሓይ ዝወጸ ኸኣ: ንኣስታት ዓሰርተ ዓመት ዝወሰደ ናይ ግዜን ክፍሊት ገንዘብን ወጻኢታት ብምግባር ከተሰልጥኖ ዝጸንሐት: ውሻጠ ወዲ ሕድርቲ ወያነ ዝኾነ ልኡል ጋይም ኢዩ::

ልኡል ጋይም ከም ዝተወሸበት መርዓት ድሕሪ'ቲ ናይ ዘቕረብናዮ ጽሑፍ ናብ መርበብ ሓበሬታ ምውጽኡ ኢዩ: ናብ'ቲ ከም ድላዩ ክዋጥየሉ ዝኽእል ስመር ሩም ብምቕራብ: ናይ ነብሰ ምክልኻል ዘለዎ ሕንከት ዝተሓወሶ ኣስተምህሮ ዝሰመዮ ኣኼባ ዘካየደ:: ንሱ ኣብ ኣሰትምህሮኡ ኣብ ዝተፈላለየ ናይ ኤርትራውያን ኣኼባታት ብዝገብሩሉ ጻዊዒት: ኣፍልጠኦም ንምዕባይ ኣስተምህሮ ከም ዝህብ ገሊጹ:: እቲ ኣስተምህሮ ግን: ናይ'ቲ ናይ 10 ዓመት ዝተወሸበሉ ዕላማታት ወያነ ናብ ኤርትራውያን ንምስራጽ ኢሉ ወያነ ይልእኮ ከም ዘሎስ: ዋላ 'ኳ እቲ ዝለኣኽ ዘሎ ንሱ እንተኾነ: ልዕሊ እቲ ለኣኽቱ ዝሃብዎ መምርሒታት ኣዳቒቅና ንፈልጦ መስርሕ ምኻኑ ከነስምረሉ ንደሊ::



| | |
|---|---|
| Name:- | Berhe Tekie Desta |
| Adress:- | Backvagen-2-B-1gh-1101 |
| Post number:- | 820-75 |
| Living-City:- | HARMANGER |
| Birth date:- | 05-11-1966 |
| Nationality:- | Ethiopian |
| Relation:- | Married |

በርሀ ተኪኤ ደስታ pilot-104: ንዝያዳ ነቲ ኣብ ልዕሊ ናይ'ቲ ኣብ ጽሑፍና ዘቕረብናዮ ሓበሬታ: ናይ ባዶ ሰለስተ ኢዩ ብምባል: ምስ'ታ ናይ ኤርትራ ዘይምልከታ ክነሳ: ከም ኤርትራዊት ድምጺ ኮይና እትለሀ ራድዮ ወጋሕታ ኣብ ዝገበሮ ቃለ መሕትት: ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሰሎሞን ኣርኣያ william wales-1976 ንዝቐረበ ናይ መንነት ጉዳይ ንምንጻርን: ሰባ ግዲ ተነዲፍዋ ኮይኑ ንወዮ ኣብሪረ በርሀ ተኪኤ ደስታ: ነቲ ከም ዕረ ዝመረራ መንደፍትና ብምጥቃስ: ኣብሪረ ዘይትፈልጦ ነገር ስለ ዘይህሉ ሰሎሞን ኣርኣያ መን ኢዩ ብማለት ብጉልባብ ኣብሪረ ባዕላ ዘቕረበቶ ሕቶ: ባዕላ መሊሳቶ:: ከምቲ ኣቦታት ዝምስልዎ (ባዕላ ለይሳቶ ቦሓቐ ባዕላ ሰቒላቶ ረሓቐ) ኤርትራዊ ምኻኑን': ኣቡኡ ስዉእ ምኻኑን: እንታይ ትብለና? ኢላቶ:: ጉዳመኛ ወጋሕታ! ኣፍ ሰሎሞን ዶ ተለኺቱ? ወጋሕታ ባህ ክብላ እምበኣር: ሰሎሞን ባዕሉ ክምልሰላ ንምሕጸና:: እቲ ዝያዳ ንኣብሪረ በርሀ ተኪኤ ደስታ ክትሓቶ ዝነበራ ሕቶ ግን: ኣብ ኣስተምህሮኻ:- "ኤምባሲታት መንግስቲ ኤርትራን: ትካላቱን ብሓዊ ረኪያም ከቃጽልዎ ከም ዘለዎም: ብተደጋጋሚ ሓበረታን መምርሕን ትህብ ነይርካ እሞ: በዚ ኣብ እትነብረሉ ዘለኻ ዓዲ ዝተራእየ ባርዕ ማሕብረ ኮማት: ውጥናትካ ተዓዊቱ ዶ ትብል?) ኢላ ንኽትሓቶን ምላሹ ከተጋውሖን ንላበዋ::



**ሰሎሞን ኣርኣያ፣-** ሰሎሞን ኣርኣያ: ኣብ ቀዳማይ መጥቃዕቲ ምሕራር ከተማ ኣፍዓበት 1977: ምስ ወላዲቱ ናብ መዓስከር ኣዴታት ሰሎሙና ከም ዝተጸምበረን: ኣብ ቤት ትምህርቲ ሰውራ ዝተማህረን: ኣብ እዋን ሃገራዊ ኣገልግሎት ናብ ሓይሊ ባሕሪ ተመዲቡ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ምስ ገለ ሰባት ኮይኑ ጃልባ ሒዙ ብምቕዛፍ: ናብ ሱዑድያ ኢዱ ድሕሪ ምሃብ ናብ ሽወደን ዝመጸን: ሕጂ

ሰሎሞን ኣርኣያ ቀንዲ ኣገልጋልን ሰላይን ናይ ወያነ ኮይኑ ዝሰርሕ: ከም ኣበሃህላኡ ወላዲት ኣዲኡ ተጋዳሊት ምኻና ዝሕብር ኢዩ።

ሰሎሞን ኣርኣያ: በቲ ኣብ ሽወደን ዝርከብ ማእከል ስለያ ወያነ መምሪሒታት ዝቕበልን: ነታ Eritrean smerrr for chenge Room ብዝብል ስያሜ እትጥቀስ ናይ መዛተዪ ማእከል: ብናይ

ብርዒ ስም william Wales-1976 ዝብል ዝፍለጥ ኮይኑ: ነቲ ልዕል ክብል ስሙ ተጠቒሱ ዘሎ በርሀ ተኪኤ ደስታ ብምትሕብባር ዝሰርሕን: ኣብ ኩሉ መዳያት በርሀ ተኪኤ ደስታ መንነቱ ንኸይፍለጥን: በዳህቲ ሕቶታት ንኸይቀርቦ ዝከታተልን ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ካብ ምንታይ ስለ ዝፈርሕ ኢዩ ንኣብሪረ በርሀ ተኪኤ ዝኸውለሉ: ካብ'ቲ ብዘይመደብ ቱታ ዝብለሉ ኣዘራርባ እሞ: ናይ'ቲ ከተቃጽሉ ኣለኩም ብማለት: ናይ ዝሃቦ መምርሒ ገለ ዶ ኾን በጨቕ ዝብል ሚስጢር ሃልዩዎ 'ሞ: ከይፍዳሕ ዲዩ!!!

**ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም፣-** ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም: ኣብ 1984 ዝተሰለፈን: ቅድሚ ግቡእ ወትሃደራዊ ታዕሊምን ፖለቲካዊ ትምህርትን ምውሳዱ: በቲ ኣብ'ቲ ከባቢ ኣጋጢሙ ዝነበረ ኩነታት መሰረት: ከም ኦፐረይተር ኮይኑ ንኽሰርሕ ብማለት: ምስ'ቲ ብክፍሊ 06 ዝፍለጥ ዝነበረ ክፍሊ ህዝቢ ኮይኑ ሰሪሑ:: ኣብ ዝቐጸለ ገድላዊ ህይወቱ ኸኣ: ንኣስታት ሰለስተ ዓመት ዝኸውን ናይ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ራድዮ ኦፐረይተር ኮይኑ ዝሰርሐን: ኣብ 1988 ከኣ: ናብ ኣሃዱ መካናይዝድ ዝተመደበን: ክሳብ ዕለተ ነጻነት ኣብ መካናይዝድ ኣሃዱ ዘገልገለን: ኣብ እዋን ወራራት ወያነ 'ዉን: ኣብ'ቲ ኣሃዱ ኮይኑ ዝሰርሐን: ኣብ ዝቐጸለ ግዜ: ናብ ኢትዮጵያ ኢዱ ሂቡ ብመንገዲ ወያነ ካብ መዓስከር ስደተኛታት ሽም-ኣልባ: ብሕርያ ወያነ ክምልመል ድሕሪ ምጽናሕ: ኣብ'ዚ እዋን እዚ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝፈለሰን: ሕጂ ኣብ ኣሜሪካ ኮይኑ ንሕሳባት ወያነ ኣብ ምትግባር ዝነጥፍ ዘሎ ኢዩ::

ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም: ብመሰረት ዝተዋህቦ መምርሒ: ነቲ ሰራዊት ወያነ ባዕሉ ብታንክታትን ዶዘራትን ገይሩ ዝፈሓሮ መቓብር ሓርበኛታት ኤርትራ: ኣብ ገለ እዋን 'ውን: ባዕሉ ነፍስሄር ቀዳማይ ሚኒስተር ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ: ኣብ ገለ ኣጋጣሚ ዝሃቦ ቓል: ምፍሓር መቓብር ሓርበኛታት ብሰራዊቱ ከጋጥም ዘይግበኦ ዝነበረ ሕማቕ ፍጻሜ ኢዩ ብምባል ይቕሬታ ዝሓተተሉን: ናይ'ቲ ይቕሬታ ዝሓተተሉ ምፍሓር መቓብር ሓርበኛታት 'ውን: ብድምጺ ተቐዲሑ ዝተቐርጸ ብምዃኑ: ንተኣማንነት ናይ'ቲ ፍጻሜ መሊሱ ዘራጉዶ 'ኳ እንተኾነ: ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም ግን: ካብ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ብዝተዋህበና መምርሒ መሰረት: ነቲ ሰራዊት ወያነ ፈሒሩዎ ዝተባህለ መቓብር ሓርበኛታት ይጠቅስ:- ።ነቲ ኣብ እዋን 3ይ ወራር ወያነ: ኣብ ባረንቱ ዝተፋሕረ መቓብር ሓርበኛታት: ብትእዛዝ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን መንግስቲ ኤርትራ ዝተዋህበና መምርሒ መሰረት: ንሕና ኣባላት ሓይልታት ምክልኻል ኢና: ብታንክታትን: ዶዘራትን ገይርና ፈሒርናዮ። ክብል ዕላዊ መግለጺ ናብ ህዝቢ ሂቡ::

ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም: ብዘይካ እዚ ምስ'ቶም ምሱኡ ኮይኖም ዝተመወሉን: ዝተመልመሉን ተጋደልቲ ነበር ብምዃን ኢዩ: ነዚ ሕሱር ፕሮፖጋንዳዊ መስርሕ ዘካይድ ዘሎን: ንታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ዝብልል ዘሎን:: ዝያዳ ኸኣ: ኣብ ልዕሊ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ ዘይምትእምማን ንምፍጣርን: ቂምን ጽልእን ቅርሕንትን ንምሕዳርን: ነቲ ዝተኻየደ ቃልሲ ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ: ብፍላይ ታሪኽ ህዝባዊ ግምባር በሊልካ: ህዝቢ ኤርትራ ከም ህዝቢ መጠን በቲ ዝተበለለ ታሪኽ ሓኒኹ: ካብ ታሪኹ ከም ዝሃድምን: ብኡኡ መንገዲ ኸኣ: ከም ዊጺኢቱ ብታሪኹ ዘይሕበንን: ታሪኹ ብዋንነት ደረጃ ዓትዒቱ ሒዙ ዘይከላኸልን: ህዝቢ ኸኣ: ሃገሩ ከውሕስን ክከላኸልን ስለ ዘይኽእል: ነዚ ከም ዕላማ ብምሓዝ: ነዚ መደብ እዚ ንኸሳልጡላ ዓሲባቶም ዘላ ኣብሪረታት: ብጀካ ሙልጌታ ገብረመድህን ሃብቶም እዞም ዝስዕቡ ኣለዉ::



**ኣሮን ገብረየሱስ፣-** ኣሮን ገብረየሱስ 'ውን: ኣብ 1984 ናብ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ ዝተሰለፈ ኮይኑ: ከም ራድዮ ኦፐረይተር ናይ ሜጀር ጀነራል ተኽላይ ሃብተስላሴ ኮይኑ ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረን:

ብመንገዲ ወያነ ድሕሪ ምጽጻዩ ንስራሕ ድሉው ኮይኑ: ኣብ ሽወደን ኮይኑ: ብሰፊሕ ነቲ ጎስጓሳት ካብ ዘካይዱ ዘለዉ ሓደ ኢዩ:: ምቕማጡ ኸኣ ኣብ ሃገረ ሽወደን ኢዩ::



**ሄኖስ ፍቓዱ፣-** ሄኖስ ፍቓዱ ‘ውን: ኣብ 1984 ዝተሰለፈ ኮይኑ: ዝነውሐ ዕድመ ናይ ምግዳሉ ናይ ሜጀር ጀነራል ብርሃነ ገረዝጊሄር ኦፕረይተር ኮይኑ ዘሕለፈን: ዋላ ‘ውን: ኣብ ድሕሪ ነጽነት ምስ ብርሃነ ገርዝጊሄር ኮይኑ ዝሰርሐን ኢዩ ሄኖስ ፍቓዱ:: ስድራ ቤቱ ኣብ ኣስመራ ማይ ተመናይ ዝቕመጡ ኮይኖም: ሓፍቱ ብጓል ፍቓዱ እትፍለጥ ዮርዳኖስ ፍቓዱ ኣብ እዋን ገድሊ ኣብ ጨንፈር መጓዓዝያ ኣካል ጋራጅ ተመዲባ ትሰርሕ ዝነበረትን: ኣብ’ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትቕመጥ **ሄኖስ ፍቓዱ**ኮይና;ስድራ ቤት ኣቶ ፍቓዱ ብትውልዶም ትግራዎት ኮይኖም: ደቆም ግን: ኣብ ኣስመራ ተወሊዶም ዝዓበዩ ኢዮም:: ሄኖስ ፍቓዱ ድሕሪ ነጻነት ’ውን: ቅድሚ ዞባታት ዝነበረ እዋን: ኣብ ምምሕዳር ኣውራጃታት: ኣብ ኣውራጃ ሓማሴን ተመዲቡ ዝሰርሕ ዝነበረን ኢዩ:: ነዞም ኩሎም ኣብ ምምልማል ዝሓርዮም: ንባዕሉ ’ውን: ኦፕረይተር ዝነበረ ተኸስተ መሃንዘል ኢዩ:: ሄኖስ ፍቓዱ ሕጂ ኣብ ሽወደን ዝቕመጥ ኮይኑ: ብተመሳሳሊ ነቲ ብወያነ ዝተመደበ ስራሓት ኣንጻር ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ዘቖንዐ መናፍሕ ጎስጓሳት ካብ ዘካይዱ ሓደ ኢዩ:: ነቲ ኣብ ደብረዘይቲ ብስም መንእሰያት ኤርትራ ዝተኻየደ ዋዕላ ካብ ዝተሳተፉን: ኣብ ግዳም ኮይኖም ውጥናት ወያነ ናብ ህዝቢ ጎስጓስ ካብ ዘካይዱን ሓደ ኢዩ ሄኖስ ፍቓዱ::

*ንምዃኑ ወያነ! ንምንታይ ዕላማ ኢዩ? ነዞም ከም’ዚኦም ዝኣመሰሉ ኦፕረይተራት ዝነበሩ ጥራይ ኣመልኪቱ ሕርያ ዘካይድ ዘሎ?*

ወያነ: ነቲ ዝወጠኖ ዕላማ ንምውቃዕን: ሓቒ ንምምሳልን ዝተፈላለዩ ሰባት ይምልምል ’ኳ እንተሃለወ: ናይ ራድዮ ኦፕረይተራት ዝነበሩ ፈልዩ ብምትኳር ክሰርሓሉ ዝመደበ ቀንዲ ምኽንያት ግን: ኦፕረይተር ዝነበሩ: ንላዕለዎት ሓለፍቲ ናይ’ቲ ውድብን ሚስጥራቱን ንኸፈልጡ ቅርበት ስለ ዘለዎም: ብመንገዶም ንዝሓለናዮ መደባት ምስ እንዛረበሉ: ተኣማንነት ክረክብ ይኽእል ኢዩ ኢሉ ስለ ዝኣመነን: ኪኖ እዚ ኸኣ: ነቲ ናይ ኦፕረይተራት ሰንሰለታዊ ርክብ የሐዲስካ ከም ዝጸንዕ ብምግባር: ነቲ ሚስጢራዊ ድልድላት ከም ዝሰጥምን: ነቲ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ ዝውጠን ዕንወት ንምትግባርን: መንግስቲ ንምግልባጥን ንምቕይርን: ኣብ ዝግበር ውደባ ዝሓሸ ሰንሰለታዊ ውደባ ከም ዝሕይል ክገብረልና ዝኽእልን: ሚስጢራት ካብ ውሽጢ ሃገር ክውጽኣልና ዝኽእል: እዚ ከም ራድዮ ኦፕረይተር ዝነበረ ኣካል ኢዩ ካብ ዝብል መደብ ኢ.ያ ወያነ ብሰፊሕ ተተሓሒዛ ትሰርሓሉ ዘላ:: ነዚ ዕላማ ’ዚ ንምውቃዕ ክትብል ’ውን: ነዞም ኩሎም ብስም ኤርትራዊ መንነት ኣብ ነፍስ ወከፍ ናይ ኤርትራውያን ፓልቶክ ፋሕ ኢሎም: እንተስ ከም ኣድሚን: እንተስ ከም ተሳተፍቲ ፋሕ ኣቢላ ተስርሖም ዘላ ሕዱራት ጽላሎታ ኢዮም::



**ኤፍሬም መሓሪ፣-** ኤፍሬም መሓሪ: ስድራ ቤቱ ኣብ ማይተመናይ ዝቕመጡ ኮይኖም:: ተጋዳላይ ናይ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ዝነበረ ዶክተር ዮናስ መሓሪ ዝበሃል: ኣብ ፔንታጎን ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ምክልኻል ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝሰርሕ: ብመንግስቲ ኣሜሪካ ናይ ኮሎኔል ክብሪ ማዕርግ ዝተቐበለ: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝቕመጥ ሓዉ ኢዩ:: ብዘይካ ‘ዚ ዶክተር ዮናስ መሓሪ ሓደ ካብ’ቶም ምስ መንግስቲ ኢትዮጵያ ብምዃን: ኣንጻር ሃገረ ኤርትራን **ኤፍሬም መሓሪ** ህዝባን: ብወያነ እናተኣልየ ኣብ ዝካየድ ኣዕናዊ ተግባራት: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ናይ’ቶም ጽላሎት ወያነ ሎቢስት ኮይኑ ዘገልግል ኢዩ:: ኤፍሬም መሓሪ: ብዘይካ እቲ ብሓዉ ዶክተር ዮናስ መሓሪ ዝወሃቦ መምሪሒታት: ከም ቀንዲ ቁጹር

ኣገልግልት ስለያ ወያነ ኣብ ሽወደን ኮይኑ ቅድሚ ምግልጋሉ: ኣብ ሱዳን እንከሎ: ብመንገዲ ኣጽብሃ ተኽሊንኪኤል ዝተባህለ: ኣብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ሱዳን ቆንስላዊ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ክፍሊ ስለያ ዝነበረ ኢዩ ተዓሲቡ:: ብዘይካ እዚ ኤፍሬም መሓሪ: ኣብ ሱዳን ዝጸንሓለን ግዜ: ከም ፓስተር ናይ ጴንጤ ኾስታል ኮይኑ ኣገልጊሉ:: ድሕሪ ናብ ሽወድን ምምጽኡ ኣብ መሳርዕ ናይ'ታ ብበዓል መሓሪ ኣብርሃም እትዝወር ስለያ ወያነ ኣባልነቱ ብምቕጻል: ኣብ'ታ ብስም Eritrean smerrr for chenge Room እትፍለጥ: ናይ ጎስጓስን ጸለመን ሓበሬታ ዝካየደላ ናይ መዛተዩ ክፍሊ: ብዕላዊ ስሙ Ehprem-M ኢሉ ብምእታው: ኣብ'ታ ብወያነ ኣትምእክል ናይ ዘተ ክፍሊ ከም super admin ብምኧን: ነቲ ብወያነ ዝተዋህቦ መምሪሒታት ከተግብር ዝውዕልን: ሚስጢራዊ ስሪሒታት ኣንጻር ህዝብን መንግስትን ሃገርን ኤርትራ ተጽዕኖ ብምፍጣር: ትእዛዛትን መምሪሒታትን ካብ ዘመሓላልፉ ሓደ ኢዩ ኤፍርም መሓሪ::



**መሓሪ ኣብርሃም** መሓር ኣብርሃም: ኣብ ኣስመራ ገዛባንዳ ጥልያን ተውሊዱ ዝዓበየ ኢዩ:: ኣብ ቤት ትምህርቲ ካምቦኒ ዝተማህረ መሓሪ: ኣብ ኣዋን ግዜ ደርግ ተኣሲሩ ስለ ዝነበረ: ህዝባዊ ሰራዊት ንኸተማ ኣስመራ ምስ ተቖጻጸራ: ካብ ቤት ማእሰርቲ ማርያም ግምቢ ድሕሪ ኹሎም እሱራት ዝወጸን: ብዘለዎ ናይ ኣቀራርብ ክእለት ኣብ መደብ መዝገብ ግፍዕታት ጸላኢ: ነቲ ናይ መግዛእቲ ዝካየድ ዝነበረ ኣሰቃቒ ኣተሓሕዛ እሱራት ኣመልኪቱ ኣብ ማርያም ግምቢ ናይ ዝተኻየደ ሲምፖዝዮም መግለጺታት ኣብ1992 ካብ ዘቕረቡ ሓደ ኢዩ::

መሓሪ ኣብርሃም ብዘይካ 'ዚ: ኣብ ክፍላ 1992 ብስም ምሩኻት ኲናት ተጋደልቲ ኤርትራን: ግዳያት ኣብይተ ማእሰርቲ ስርዓት ደርግን ተባሂሉ: ኣብ ኤክስፖ ተመስሪቱ ናይ ዝነበረ ዘይመንግስታዊ ማሕበር መስራትን ኣወሃሃድን: ኣካያዲ ሽማግለን ዝነበረ ኢዩ:: ድሕሪ 'ቲ መንግስቲ ኤርትራ ንጉዳይ ነጻ ፕርስ ዝምልከት ዘውጽኦ ኣዋጅ ከኣ: መሓሪ ኣብርሃም ባዕሉ ናይ ዘሰናድኦ መስትያት እትብሃል ናይ ብሕቲ ጋዜጣ ብምምስራት ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ኣብ'ቲ ዉዕውዕ እዋን ኲናት ዝነበርሉ ህሞት: ብመንገዲ ሃገረ እስራኤል ኣቢሉ ኣብ ሽወደን ድሕሪ ምእታው: ኣብ'ታ ብመንገዲ ማሕበረ ኮም ኤርትራ እትፍኖ ዝነበረት መደበር ቲቪ ደሃይ ኤርትራ ከም ኣሰናዳእን ኣቕራብን ኮይኑ ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ናብ ተቓዉሞ ድሕሪ ምስግጋሩ ኢዩ መሓሪ ኣብርሃም ምስ ዘለዎ ክእለት ኣቀራርባ: ሰባት ኣብ ምውዳብን ንተልእኾታት ወያነ ኣብ ምትግባርን ጥራይ ከይተሓጽረ: ምስ ተጋዳሊት መርየም ዑምር (ውሪጥ) ብምኳን: ነቲ ኣብ ደብረዘይቲ ዝተኻየደ ናይ መንእሰያት ዋዕላ ዘዳለወን ዘቀነባበረን:: ኣብ ዝሓለፈ እዋን ከም ዝገለጽናዮ 'ውን: መሓሪ ኣብርሃም ሓደ ካብ'ቶም ናይ ዋዕላ ኣቃቂን ዋዕላ ኣዋሳን ካብ ዘዳለዉ ዝዓበየ ጽላሎት ወያነ ኢዩ:: ሕጂ ኣብ ሽወደን ብምኳን ከኣ: ነቲ ቀንዲ ስለያዊ ስርሓት ወያነ ብምስላጥ: ነታ ብቲቪ ዘተ እትፍለጥ መደበር ተለቪጅን ዘካይድ ዘሎን: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ብደረጃ ዓለም እትዝርጋሓሉ ኣገባብ ምስ ኻልድ ዓብዱ ኮይኑ ዘዋዲድ ዘሎ ኢዩ መሓሪ ኣብርሃም::




**ኻልድ ዓብዱ** ኻልድ ዓብዱ: ኣብ ኤርትራ ተወሊዱ ዝዓበየ ብትውልዱ ትግራዋይ ኢዩ:: ኻልድ ሓደ ካብ'ቶም ኣብ ዩኒቨርስቲ ኣስመራ ዝተማህረ ኾይኑ: ነቲ መንግስቲ ኤርትራ ንጉዳይ ነጻ ፕረስን: ምቛም ናይ ብሕቲ ጋዜጣታትን መዝሚዙ: ንሱ ዝምውላን ዘካይዳን: ኣድማስ ናይ ዝተባህለት ብሕቲ ጋዜጣ: ሓደ ካብ ኣሰናዳእታን ኣቕረብትን ዝነበረ ኮይኑ: ጌና ኣብ ውሽጢ ኤርትራ እንከሎ ብወያነ ንስለያዊ ስርሓት ዝተቖጽረን: ቀቅድሚ ምጅማር ኲናት ከኣ: ናብ ሱዑድያ ዝሃደመን: ኣብ ሽወደን ኢዱ ዝሃበን: ኣብ ሽወደን ትምህርቱ ብምቕጻል ንጉዳይ ስድተኛታት ኤርትራ ናይ እትከታተል ማሕበር ኣቦ ወንበር ብምኳን ክሰርሕ ድሕሪ ምጽናሕ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ መራኸቢ

ብዙሃን ሸወደን ንምስሊ ክውንነት ኤርትራ ዓቐኑ ብዝሓለፈ መንገዲ ዘነውርን ዘጸልምን ዘሎ ኢዩ ጥራይ ዘይኮነ: ናይ'ቲ ኣብ ኢትዮጵያ ዝተኻየደን: ጌና ናይ ዝካየድ ዘሎ ሸርሒታትን ተንኮላትን ሃንዳስን ወዳብን ብምኳን ዝነጥፍ ዘሎ ኢዩ:: ኻልድ ዓብዱ ኣብ ኤርትራ ተወሊደ ዝዓበኹ ኤርትራውነት ዝተቐበልኩ ኢየ እንተበለ ዘምሕረሉ ምኽና: እንተዘይኮይኑ ንመቦቆል መንነቱ ክኽሕድ እንተደልዩ ግን: ነቲ ኣብ እዋን መርዓ ሸወደን ዝተዓደመ በዓል ጭራ ዋጣ: ንምውዳስ ክብል ዝሃቦ ዝርዝር ወለዶ ኣፉ ምዕባስ ምሓሾ: ኣይፋል ሓሶት ኢዩ ዝብል እንተኾይኑ ግን: ናይ'ቲ ኣብ'ቲ እዋን መርዓ ዝተቐድሐ ትሕዝቶ ዝርዝር ወደሰ ወለዶ በዓል ጭራ ዋጣ ብቪድዮ ዝተታሕዘ ስለ ዘሎ ክንዝርጋሓሉ ንኽእል ኢና:: ንምኳኑ: ኻልድ ዓብዱ ንምንታይ ዝዓለመ ኢያ ወያነ ቅድሚ ናይ ደብረዘይቲ ኣኼባ: ንኣስታት ክልተ ወርሒ ኣብ ጉያኣ ሓይባትካ ነይራ ብማዕረ እንፈልጦ ምኳንና ዝዘንጋዕካ ትመስል ኻልድ!



**ተስፎም መሓሪ** ተስፎም መሓሪ: ዕባይ ከረን ኮይኑ: ሓደ ካብቶም ብመንገዲ ጃቡቲ ኣቢሉ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኣተወን: ኣብ ኣሜሪካ 'ውን ጌና ቀዋሚ መንበሪ ፍቓድ ዘይረኸበን: ብግዝያውነት ዝቕመጥ ዘሎ ኮይኑ: ተስፎም መሓሪ ብ(wedi ngus) ዝብል ብርዒ ስም ብምእታው: ሓደ ካብ'ቶም ብስም Eritrean smerrr for chenge Room ንእትፍለጥ ብወያነ ናይ እትመሓደር ኤለትሮኒካዊት መዛተዩ ባይታ: ከም Super Admin ጥራይ ዘይኮነ: ከም Owner Room ናይ'ታ ማዕከን ብምኳን ዘገልግል ዘሎ ዘይተገርሐ ጽላሎት ኢዩ::



**ዳኒኤል ተወልደ** ዳኒኤል ተወልደ: ኣብ ኣስመራ ተወሊዱ ዝዓበየ:: ኣብ ኤርትራ ከተማ ኣስመራ ምዕባዩ ንኤርትራዊ ክውንነት ኣሚኑ ዝንቀሳቐስ ዝመስል ኳ እንተኾነ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ግን: ኣግሂዱ ኳ ኣይዛረብ ምበር: ንባዕሉ መራሕ ኢትዮጵያ መለስ ዜናዊ ድሕሪ ሙማቱ: ኣብ ገዝኡ ንሓደ ወርሒ ዝኣክል መሪር ሓዘን ዝተኻየደሉን: ወርሒ ምልእቲ ከም ቀንዲ ሓዘንተኛታት ኮይኖም ዝተበጽሑን ምንባሮም: ዳኒኤልን ስድራ ቤቱን ዝኽሕድዎ ኣይኮኑን ጥራይ ዘይኮነ: ዳኒኤል ተወላዲ ኤርትራዊ ናይ ትውልዲ ሓረግ ኣለዎ ኢልኩም መግለጺ ትህቡ ዘለኹም መስመር ጉዕዞና ንመላእ ኤርትራ ዝኾልል ዓይንና ዓይኒ ዓራት ምኳኑ ነዘካኽረኩም ንውልቀ ረብሓኹም ንኽትብሉ ግን ዘየለ መንነት ካብ ምዕዳል ተቖጠቡ ንብል:: ነቲ ምፍልላይ ናበይ ገጹ ንክኸይድ ይሕሰብ ኣሎ ነኺስና ሒዝናዮ ዘለና ጉዳይ ምኳኑ ከኣ ነውክኣልኩም::



**ሙስጠፋ ሓመድ ኑር** ሙስጠፋ ሓመድ ኑር: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝቕመጥ ኮይኑ: ናይ'ቲ ብስም ኤርትራውያን መንእሰያት ንለውጥን ዝተባህለ: ብከውሊ ወያነ ዝተሰርሐ ማሕበር ኣቢላ ጥራይ ዘይኮነ: ናይ'ቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ከተማ ዲሲ ናይ ዝተመስረተ ማሕበር ኣቦ ወንበርን ወካልን ኢዩ:: ድሕሪ እቲ ናብ መርበባት ሓበሬታ ዝለኣኽናዮ ሓበሬታ ንውጥናት ወያነ ዝኹለፈሉን: መደባቶም በቲ ኤርትራዊ ሓይልን ዓቕምን ከም ዝተፈልጠን ዝተበጽሐን ምስ ተፈልጠ ንምንጻር ብዝሓዝናዮ ዛዕባ መሰረት:

**ሙስጠፋ ሓመድ ኑር** ኣብ መርበባት ሓበሬታ ኤርትራ ምስ ወጸ: ሙስጠፋ ሓመድ ኑር ብወያነ ብዝተዋህቦ መምርሒ ናብቲ' ኣቐዲምና ኣብ ኣኼባ ናይ በልጁም ዝተሳተፈ ዓብዱሰላም ኣል-ኣሚን: ናብ ሃገረ ሱዕድያ ከይዱ ከም ዝበጽሖን: ከም ዘተባብዖን ንምግባር: ዝያዳ ነቲ ኣንፈቱ ዘስሓትናዮ ውጥናት ብሓድሽ ስልቲ ንምምእዛን። ናብ ሃገረ ስዑድያ ዝገሸ ኢዩ;;



**ፎዝያ ሑሴን** ፎዝያ ሑሴን ተጋዳላት ህዝባዊ ግምባር ዝነበረትን: ኣብ ክፍሊ 72 ኣሃዱ ስለያ ተመዲባ ዝሰርሐት: ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዘምረሐት ኮይና: ምስ ሓደ ብጥዕና ዝሳቐ ውላዳ ኢያ ትቕመጥ:: ምስ ፍሉይ ኩነታት ጥዕና ውላዳ: ብደረጃ መንግስቲ ስለ ዝእለ ናይ ምንቅስቓስ ጸገም ዘለዋ ኣይኮነትን:: ፎዝያ ድሕሪ ናብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ምእታዋ: ምሉእ ብምሉእ ብወያነ ተዓሲባ እትሰርሕ: ንኹሉ መዳያት ውጥናት ወያነ ንምትግባር: ለይትን መዓልትን ከይሰልከየት እትሰርሕ: ምሉእ ንጥፈታታ ኣብ'ቲ ብወያነ ዝተወጠነ መደባት ተቖማጢዓ እትሰርሕ መጽለል ጉቡጥሽ ወያነ ምኳና: ኣብ'ቲ ዝሓለፈ ሓበሬታና ዝገለጽናዮ ኢዩ;; ንዝያዳ ኣቡኡ ምውካስ እኹል ኢዩ;; ዝስዕብ መስርሕ ኣብ ዝቕጽል ከነቕርቦ ኢና;;

**መርየም ዑመር (ውሪጥ)** መርየም ዑመር (ውሪጥ) ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣኺሉዋ ከም ቀንዲ ኣገልጋሊትን ኣተግባሪትን ውጥናት ወያነ ኮይና እትሰርሕ ዘላ ኢያ;; ብዛዕባኣ ዝምልከት ሓበሬታን ሱታፌኣ ኣብ ምድኻም ሉኡላዊት ሃገረ ኤርትራን ህዝባን: ቀጻሊ ምትእስሳራ ምስ ወያነን: ተራኣ ኣብ ምልማስ መንእሰያት ኤርትራን: ብስም ምትእኽኻብ መንእሰያት ደብረዘይቲ ዝተጻወተቶ ተራን; ኣብ ዝሓለፈ ገሊጽናዮ ስለ ዘለና: ዛጊት ቀጻልነት መደባታ ምስ ወያነ ዘለዋ



**መርየም ዑመር (ውሪጥ)** ምትእስሳር ካብ ምክትታል ስራሕና ዘቛርጽ ኣይክኸውንን ኢዩ::



**በረኸት ካሕሳይ** በረኸት ካሕሳይ ብተመሳሳሊ ኣብ ናይ ዝሓለፈ ጸብጻብ ዝርዝራቱ ኣመልኪትና ጠቒሰናዮ ከም ዘለና: ናይ ግብጻዊ መቦቆል ዘለዎ ካብ ኣውራጃ ሓማሴን ዝተወልደ: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ምቅማጡ ኣብ ዓዲ እንግሊዝ ዝኾነ: ከም ቀንዲ ናይ ወያነ ኣገልጋሊ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎን: ብተመሳሳሊ ኣብቲ ኣብ በልጁም ዝተዳለወ ኣኼባ ወያነ: ልክዕ ከም'ቶም ካልኦት ኣብቲ ሚስጢራዊ ምትእኽካብ ኣባልነቱ ዝተመረቐሉ: ቀንዲ ኣገልጋሊ ኣብ ርእሲ ምኳኑ: ሓደ ካብ'ቶም ሃየስቲ ውጥናት ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ ኢዩ::

**በረኸት ካሕሳይ**



**ኣስመላሽ ዮውሃንስ** ኣስመላሽ ዮውሃንስ ሓደ ካብ'ቶም ወያነ ኣብ ናይ በልጁም ኣኼባ: ከም መራሕ ናይ ኤርትራ ገይሮም ብሚስጢር ሰይሞሞ ዘለዉ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሃገረ እንግሊዝ ዝቕመጥ ኮይኑ: ድሕሪ እቲ ናብ መርበባት ሓበሬታ ዝሰደድናዮ ሓበሬታ: እቲ ቀንዲ ሚስጢራዊ መደባት ናይ ወያነ ናብ መርበባት ሓበሬታ ምስ ኣቃላዕናዮን: ዕላማ መደብ ወያነ ምኽላፉ ምስ ተረጋገጸ: ህዝቢ ኽኣ: ብስርዓት ተከታቲሉ ነቲ ዝቐረበ ጽሑፍ እንተላይ ብድምጺ ቀሪጹ ናብ ህዝቢ ምዝርግሑ: ብመደብ ዕማም

**ኣስመላሽ ዮውሃንስ** ወያነ ብስቱር ናይ ምቕጻል መደባቱ ስለ ዝተኾልፈን: ሚስጢራቱ ናብ ግዳም ምስ ተቓልዐን: ኣብ ኣእምሮኦም ብዝተፈጥረ ጸቕጢ ክቆጻጸርዎ ብዘይምኽኣሎም: ብመደብ ውጥን ወያነ ሚስጢር ምልሓኹ ብዝተፈጥረ ጸቕጢ: ንኣስመላሽ ዮውሃንስ ኣብ'ቲ ኣብ ትግራይ ዝተካየደ ጉባኤ ወያነ: ቓል ንከስምዕ ብዝብል ሰበብ: ናብ ግዳም ወጺኡ ከም ዝላለን ዝቃላዕን ዝገበሩዎ: ሓደ ንመንግስቲ ኤርትራ ክመርሕ ኢሎም ሓጽዮሞ ዘለዉ ገዚፍ ጽላሎት ኢዩ ኣስመላሽ ዮውሃንስ::



**ዓብዱሰላም ኣል-ኣሚን** ዓብዱሰላም ኣል-ኣሚን ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሓበሬታና ዝገለጽናዮ: ኣብ ሃገረ ስዑድ ዓረብ ዝቕመጥ ኮይኑ: ኣብ'ቲ ናይ በልጅም ሚስጢራዊ ኣኼባ ወያነ ኣብ ዘነጸርናዮ ሓበሬታ ዝገለጽናዮ: ዓብዱሰላም እል-ኣሚን ኣብ እስመራ ኣኽርያ ተወሊዱ ዝዓበየ ብትውልዱ ትግራዋይ ኮይኑ: ኣብ ስዑድያ ብፓስፖርት ናይ ሃገረ ኤርትራ ዝነብር ኣብ ርእሲ ምኳኑ: ናብ'ቲ ናይ በልጅም ኣኼባ ንምስታፍ ክመጽእ እንከሎ ግን: ብናይ ኢትዮጵያ ናይ ዲፕሎማት ፓስፖርት ብስም ካሕሱ ሃይለሚካኤል: ናብ በልጅም ካብ ዝኣተወ ናይ'ቲ ብሕቡእ ዝተመስረተ መተካእታ መንግስቲ ኤርትራ ኮይኖም ካብ ዝተሓርዩን: ዝተላህዩን ዝተሳተፉን ሓደ ኢዩ::



**ኣምሃ ደሞኒኮ** ኣምሃ ደሞኒኮ ንታሪኹን መበገሲኡን ዝተመልከተ: ኣብ ዝሓለፈ እዋን ሓቢርናዮ ኢና:: ኣምሃ ደሞኒኮ ኣብ ሃገረ በልጅም ዝቕመጥ ዘሎ ኮይኑ: ሓደ ካብ'ቶም ወያነ ነዚ ሕጂ ባዕላ ተፍርሶ ዘላ ብስም ኤርትራዊ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራስን ለውጥን: ጌና ኣብ ምምስራቱ ካብ ምጅማር ኮምሽን ዋዕላ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ጀሚሩ ዝነጠፈን: ብዝኾነ ዋጋ ናብ ሓላፍነት ክመጻሉ ዝኽእል ባይታ ንኽረክብ ኢሉ ካብ ዝነጥፉ: ሓደን ቀንዲ መጋበርያ ወያነ ኮይኑ ዝሰርሕ ዘሎን ኮይኑ: ንምዝኽኻር ዝኣክል ኣምሃ ደሞኒኮ ኣብ ዝሓለፈ ከም ዝገለጽናዮ ኣብ 1ይ ጉባኤ ህዝባዊ ግምባር ሓርነት ኤርትራ: ናይ 77 ካብ ፈረንሳ ናብ ሜዳ ኣትዩ ዝተሳተፈን ኢዩ::



**ተኽለሰንበት ተኽላይን: ፍረወይኒ ገብረጻድቕን** ተኽለሰንበት ተኽላይ ን ፍረወይኒ ገብረጻድቕ ሰብ ሓዳር ኢዮም:: እዞም ክልተ ሰብ ሓዳር ኣብቲ ብወያነ ዝተዋደደን: ብኣምሃ ደሞኒኮ ዝተመርሐን: ንሳቶም 'ውን ብመሪሕነት ኮምሽን ዋዕላ ንደሞክራስን ለውጥን ናይ ዝተባህለ ምትእኽኻብ ብደረጃ ናይ ኮምሽነራት ሓላፍነት ሒዞም ዝሰርሑን ኢዮም:: ፍረወይኒ: ሓፍቱ ነቲ ካብ ከሰላ ብህዝባዊ ግምባር ተጨውዩ ናይ ዝበሃል ኣባል ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ሰውራዊ ባይቶን ሓፍቱ ኢያ:: ዝርዝራቶም ኣብ ናይ ዝሓለፈ እኹል መወከሲ ኣሎ::



(Joseph Magnet) **ፕሮፌሰር ጆሴፍ ማግነት** ኣብ መወዳእታ ካናዳዊ ጆሴፍ ማግነት: ብመንገዲ ወያነ ተቖጺሩ ኣብ ናይ መቐለ ናይ ብሄራት ውድባትን: ናይ ኣዋሳ ዋዕላ ኤርትራውያን ብኣካል ብምስታፍ: ብሄረ ዓፋር ካብ ኤርትራ ናይ ምንጻል መሰል ኣለዎ ብማለት ኣስተምህሮ ዝሃበን: ድሕሪ እቲ ኣብ ሽወደን ዝተኻየደ ናይ ብሄረ ዓፋር ዋዕላ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ: ብሄረ ዓፋር ብመንግስቲ ኤርትራ ናይ ምጽናት ሓደጋ ጀኖሳይድ የጋጥሞ ክሳብ ዝሃለወ: ናይ ምንጻል መሰሉ ክሕለወሉ ኣለዎ:: ንመንግስቲ ኤርትራ ከኣ: ክሳብ መሰል ናይ ብሄረ ዓፋር ክሳብ ምንጻል ዝብል መደብ ክሳብ ዘይተተግበረ: ንመንግስቲ ኤርትራን ትካላቱን: ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ መጋባእያ ገበን (ICC) ክኽሰስ ምኳኑ ካብ ዝፈከሩ ቀንዲ ሉኡኻት

ወያነ ኮይኑ: ንመንግስቲ ኤርትራ ንምኽሳስ ሎቢ ካብ ዘካይዱ ዘለዉ ኢዩ ጆሴፍ ማግነት::

ኣብ መደምደምታ እዚ እንገልጾ ዘለና ብተደጋግሚ እንቕጽለሉን: በብእዋኑ እነህብትሞን 'ምበር: ኣብ ሓደ ደረቕና ደው እነብሎ ኣይኮነን:: ኩሉ ኤርትራዊ: ኤርትራዊ ሃገራዊ ሓርበኛ በብወገኑ: ናቱ ሱታፌ ብምዕባይ ኣበርክቶኡ ኣብ'ዚ እነካይዶ ዘለና መስርሕ እጃሙ ከበርክት ንጽውዕ:: ኣብ ዝቕጽል መደብና: እዚ ኣብ ስእሊ እትርእዩዎ ዘለኹም ሰራሕተኛ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ዝኾነን: ኣብ'ዚ ሕጂ እዋን ኣብ ጉዳይ ኤርትራውያን ጥራይ ኣቶኲሩ ንኽሰርሕ ብማለት: ብሓላፊ ቆንስላዊ ጉዳያት ኢትዮጵያ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: ኣኽሊሉ ኣብርሃ ዝምእዘን: ኢትዮጵያዊ ዜግነት ዘለዎ amiche_1 ምሉእ ስሙን ኣድራሻኡን ኩነታቱን ኣብ ቀጻሊ መደብና:-



ኣድሚን ስመር ሩም amiche_1

ኣብ መወዳእታ ብንጹር ከነብርሆ እንደሊ ጉዳይ እንተሃልዩ: ጉዳይ መንነትን ዜግነትን ኢዩ:: ንሕና ኣብ እንዝርግሖ ዘለና ሓባሪ ሰነድ: ዓደልቲ ዜግነትን መንነትን ብምኳን: ሓለፉ ኤርትራዊ ክንረአ ንስለ ዝደለና ዘይኮነ: እንታይ ድኣ? እዞም እንጠቕሶም ዘለና ኢትዮጵያውያን ኤርትራውያን ኮይኖም: ብወግዒ ኤርትራውነቶም መሪጾም ንረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ሓሲቦም ዝሰርሑን ዝቃለሱን እንተዝኾኑ: ኣምበይምጸገመን:: እቲ ሽግር ኮይኑ ዘሎ ግን: ብትውልዶም ኢትዮጵያውያን ኮይኖም: ኣብ ልቢ ተነዲቑ ዘይተሰረተ ኤርትራውነት ብምሓዝ: ነቲ ልባዊ ኤርትራዊ መንነት ዝድምስስን ዝቐትልን: ንኤርትራዊ ሓርበኝነትን: ኤርትራዊ ክብሪ ሉኡላዊ መንነትን: ዘዳኽምን ዝብርዝን ዕላማ ብምሓዝ: ብኽልተ ዝብልሑ ኻራ ይዋግኡ ብምህላዎም ኢና: መንነቶም ከነቃልዕ ንመሪጽ ዘለና:: እንተዘይኮይኑ: ወጻእተኛታት ኮይኖም ንኤርትራዊ ሃገራውነት ተቐቢሎም: ክሳብ መስዋእቲ ዝበጽሑ ሓርበኛታት ኣበዋት ከም ዘለዉና ኣይዘንጋዕናን:: ብኣንጻሩ 'ውን: ኤርትራዊ መቦቆል ሃልይዎም: ንኤርትራዊ ሃገራውነት ዝብርዙን ዘዳኽሙን: ኢትዮጵያውነት ዝመረጹ ዝተጎርበሱ ኤርትራውያን 'ውን ከምዘለዉ ኣይንስሕቶን:: ኮይኑ ግን: ወያነን መናፍቓንን: ሕጂ 'ውን: ልዕሊ ጉጭ! ትሕቲ ጉጭ! እናበሉ ናይ ምትሃት ተንኮላቶም እንተፈሓሱ: ሎሚ 'ውን ከም ትማሊ: እንተደለና ሰርሲርና! እንተደለና ኣፍንጫኦም ነሲዕና! ውጥን መደባቶም ካብ ምብርዓን: ዝዓግተና ነገር ከም ዘየለ: ኣድማስ ትማልን! ኣድማስ ሎሚን ኮይና: ንከታተሎም ምህላውና ነስምረሎም::

ካብ

ግዱሳት ተጸናጸንቲ

እከይ ተግባራ ወያነ

gdusattsenatsenti@gmail.com